

CALGARY YOUTH
JUSTICE COMMITTEES

# ንመንእሰያት ካልኣይ ዕድል ምሃብ።

ሓበሬታ ንመንእሰያትን ወለድን

ፕሮግራም ማሕበረሰባዊ ፍትሒ መንእሰያት

cyjc.ca

CALGARY YOUTH JUSTICE COMMITTEES

Kaylee

**ብዛዕባ ኮሚተታት ፍትሒ መንእሰያት**

ሕጊ ገበናዊ ፍትሒ መንእሰያት ክፍሊ 18፡ ኣባላት ማሕበረሰብ፡ ኮሚተ ፍትሒ መንእሰያት (YJC)ብምቛም ኣብ ምምሕዳር ፍትሒ መንእሰያት ብቐጥታ ንኺሳተፉ ዕድል ይህብ እዩ። YJC (ኮሚተ ፍትሒ መንእሰያት) ነቶም ነኣሽቱ ክስታት ዝቐርበሎም ዕድሚኦም ካብ 12 ክሳብ 18ዓመት ዝኾኑ መንእሰያት ከክንዲ ቤት ፍርዲ ኮይኑ ዘገልግል ኣካል እዩ።ወለንተኛታት ዝኾኑ ክፍሊ ማሕበረሰብ ግቡእን ትርጉም ዘለዎን ግብረመልሲ ንምሃብ ብዘኽእል መልክዑ ምስ መንእሰያት፡ ምስስድራቤታት፡ ግዳያት፡ ሕጋዊ ስርዓት፡ ከምኡውን ምስ ማሕበረሰብ ብምኺን ብሓባር ይዓዩ።

**ብዛዕባ ናይ ዋይጄሲ(YJC)ወለንተኛታት**

ኩሎም ኣባላት ዋይጄሲ ወለንተኛታት ምኺኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።ኩሎም ወለንተኛታት ብናይ 10ሰዓት ናይ መጀመርታ ስልጠና፡ ናይ ገበን ምርምራ፡ ናይ ኣልበርታ ቆልዑን ስድራቤታትን ኣገልግሎት መርመራ ዝሓለፉን ከምኡውን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ማሕላ ዝፈጸሙን እዮም።



### ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ዝግበር ውሳነ ናይ ምሃብ መደብ ብኸመይ ከምዝዓዩ

ኣብ ካልጋሪ ኣባላት ዋይጄሲ(YJC)ነቲ ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ዝግበር ናይ ውሳነ ምሃብ መደብ የካይድዎ። መንሰያት ብፖሊስ ወይ ብቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ክስደዱ ይኽእሉ እዮም። ሓደ መንሰይ ብቑዕ ክኸውን እንተድኣ ኮይኑ እቲ በደል ናይ መጀመርትኡ ወይ ካልኣዩ ክኸውን ኣለዎ፡ በቲ ፕሮግራም ተቐባልነት ዘለዎ ዓይነት በደል ክኸውን ኣለዎ፡ ነቲ ዝፈጸሞ በደል ሓላፍነት ወሲዱ ኣብቲ ፕሮግራም ክሳተፍ ክሰማማዕ ኣለዎ።

ሰለስተ ወለንተኛታት (ኣባላት ዋይጄሲ) ምስቲ መንእሰይን ወለዱን/ኣለይቱን ይራኸቡ። ኣብዚ መብዛሕትኡ ጊዜ ሓደ ሰዓት ኣቢሉ ዝወስድ ርክብ ብዛዕባ ኹነታት እቲ በደል፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ድሕረባይታ፡ ኩነታት ስድራቤት፡ ፍሉያት ኣገደስቲ ሓሳባት፡ ኣብ ገዛ ብዛዕባ ዘጋጠሙ ሳዕቤናት፡ ንወለዲ ዘሻቕሎም ነገራትን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ነገራትን ምይይጥ የካይዱ።ኣብቲ እቲ መንሰይን ወለዱን ዝህብዎ ሓሳብ ብምምርኳስ እቶም ናይ ዋይጄሲ ኣባላት ነቲ መንእሰይ ብዝሃንጽ መልክዑ ናይ መቕጻዕቲ ውሳኔ የሕልፉ። ኣብቲ ምስቲ መንእሰይን ስድራቤቱን ዘካየድዎ ዝርርብን ካብዘንበብዎ ናይ ፖሊስ ጸብጻብ ብምብጋስ ክሳብ ሰለስተ ዝኾኑ መቕጻዕትታት ክህቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ ካብቲ ኣብነታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡ ናይ ጣዕሳ ደብዳቤ፡ ኣብ ማሕበረሰብ ምግልጋልን ናብ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ንክሳተፉ ምልኣ

**ንምንታይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ?**

ኣብ ዋይጄሲ(YJC) ምክፋል ንኹሉ ሰብ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ወለንተኛታት ዋይጄሲ(ኮሚተ ፍትሒ መንእሰያት)፡መንእሰያት ዕዉታት ኪኾኑን ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ምርጫታት ኪገብሩን ዚደልዩ ሓለይቲ ኣባላት ማሕበረሰብ እዮም። እቶም መንእሰያትን ወለዶምን/ኣለይቶምን ነቲ ኹነታት ብናይ ገዛእ ርእሶም ቃላት ክገልጽዎ ይኽእሉ ኢዮም ወለንተኛታት ዋይጄሲ ድማ ነቲ ዘተሓሳስብ ጉዳያት ንምፍታሕ ክሕግዙ ይኽእሉ ኢዮም ።መንእሰያት ነቲ ግዳይ ኮነ ንማሕበረሰቦም ናይቲ ዝፈጸምዎ በደል መኣረምታ ናይ ምግባር ከምኡውን ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ናይምርካብን ኣብ ፕሮግራማት ናይምስታፍን ዕድላት ኣለዎም። እቲ መንእሰይ ዕዉት እንተ ኾይኑን ሽግር ካብምፍጣር እንተተሓልዩን እቲ ዝተፈጸመ ጌጋ ኣብመጻኢ ስራሕ ካብምርካብ ወይ ናይ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ካብ ምቕጻል ኣይዓግቶን እዩ።

**እንታይ ክንጽበ ከምዘለና**

- ናይ ዋይጄሲ ወለንተኛ እቲ ፋይል ምስበጽሖ ነቲ መንእሰይን ወለዱን/ኣለይቱን ይሕብር
- ናይ ዋይጄሲ ወለንተኛ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ታሪኾምን ብኸመይ ከም እተጸልዉን ንምስማዕ ምስቶም ግዳያት ይራኸብ
- ናይ ዋይጄሲ ወለንተኛታት፡ እቲ መንእሰይን ወለዱን/ኣለይቱን ብኢንተርኔት ወይ ብኣካል ተራኺቦም ይዘራረቡ፡ መቕጻዕቲ ይውሰን፡ ነቲ መንእሰይ ከኣ ይግለጻሉ ብድሕሪኡ እቲ ስምምዕ ይፍረም።
- እቲ መንእሰይ ነቲ እተዋህበ መቕጻዕቲ ንምፍጻም ናይ ጊዜ ገደብ ይወሃቦ (እቲ ሙሉእ መስርሕ ዝወስዶ ጊዜ ካብ 3 ወርሒ ዝውሕድ ክኸውን ኣለዎ)
- ወለንተኛታት ዋይጄሲ (YJC) ብዛዕባ እቲ ዝግበር ዘሎ ምዕባለ ንምፍላጥ ብስሩዕ ምስቲ መንእሰይ ይራኸቡ።
- ናይ ዋይጄሲ ወለንተኛታት፡ እቲ መንእሰይን ወለዱን/ኣለይቱን ናይ መዕጸዊ ኣኼባ የካይዱ፡ ናይቲ መቕጻዕቲ ተግባራውነት ይምርመር፡ እቲ ከይዲ ብዛዕባ ዕውት ምንባሩን ዘይምንባሩን ስምምዕ ይግበር።
- እቲ መንእሰይ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተወሰነ ዕለት ቆጸራ ኣብ ቤት ፍርዲ ይቐርብ እቲ ኣኽባር ሕጊ/ዳኛ ኸኣ ነቲ ፋይል ይምርምር። እቲ መንእሰይ ዕውት እንተኔሩ እቲ ናይ ቤትፍርዲ ክሲ ይዕጾ፡ ናይቲ መንእሰይ ናይ ገበን መዝገብ ከኣ ድሕሪ ክልተ ዓመት ብኡንብኡ ተሰሪዙ ብድሕሪኡ ዝኾነ ወግዓዊ ናይ ገበን መዝገብ ኣይህሉን።
- እቲ መንእሰይ ዕውት እንተዘይኔሩ ግን እቲ ኣኽባር ሕጊ/ዳኛ ነቲ ፋይል፡ መቕጻዕቲ፡ ከምኡውን ናይቶም ዋይጄሲ ዝጸሓፍዎ ሓበሬታታትን ብምምርማር ወግዓዊ ክሲ ክምስረት፡ መሰረታዊ ተኣዛዝነት ክወሃብ ወይ ከኣ ናብቲ ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ መቕጻዕቲ ናይምሃብ መደብ ክምለስ ውሳኔ ይህብ።

**መንእሰያት ክገብርዎ ዘለዎም ነገራት ዝርዝር**

- 01. ምስ ዋይጄሲ (YJC) እትራኸበሉ ዕለትን ግዜን ቦታን ምርግጋጽ።
- 02. ምስ ወለዲ/ኣለይቲ ዝግበር ኣኼባ ምስታፍን ናይቲ ስምምዕ ቅዳሕ ምውሳድ
- 03. ነቲ መቕጻዕቲ ንምፍጻም ዜድሊ ሓበሬታ ንምርካብ ካብ ዋይጄሲ(YJC) ወለንተኛ ዝለኣኽ ኢ-መይል ምርኣይ
- 04. ነቲ መቕጻዕቲ በቲ ዝተዋህበ ናይ ጊዜ ገደብ ምፍጻም
- 05. መቕጻዕቲ ምስተፈጸመ ንዋይጄሲ ወለንተኛ ምሕባር
- 06. ናይመዕጸዊ ኣኼባ ዝግበረሉ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ኣርጊጽካ ምፍላጥ
- 07. ቅዳሕ እቲ እተዛዘመ መቕጻዕቲ ናብ ናይ መዕጸዊ ኣኼባ ምምጻእ
- 08. ኣብቲ ናይቲ መስርሕ ዕውት ምኺንን ዘይምኺንን ዝሕብር ናይ ስምምዕ ሰነድ ምፍራም
- 09. ንናይ ዋይጄሲ ኣባል ብምውካስ መዓልቲ ቆጸራ ቤትፍርዲ ኣረጋጊጽካ ምፍላጥ
- 10. ኣብ ቆጸራ መዓልቲ ቤትፍርዲ ምቕራብ
- 11. ናይ EJS ፋይል ይዕጾ።